## የውሃንሰይ የ ኣቶ
## ኣብሪሂዋ ንባይቶ

የውሃንሰይ ቅዱሰይ
መሓረኒ ንነብሰይ
ብዘበነ ሉቓስ
በሊዕካ ድቃስ
ብዘበነ የውሃንስ ተጋድሎ
ሕማቅ መንግስቲ ይዕሎ
ብዘበነ ማቴዎስ
ይንገድ ይሕረስ

ብዘበነ ውብ የእዛን ጸመመ
ኣጥባት ደመመ

ብዘበነ ግብጺ
ኩሉ ዓማጺ

ብዘበን ትሩኪ ግፍዒ ዝነበረ
ክሳብ ሎሚ ኣሎ መረረ

መጸ ፋሺሽቲ ጥልያን ምሶሎኒ
ንህዝብና ገዝኦ ብዘይ ሳእኒ
ብዘይ ትምህርቲ ብዘይ ባኒ

ቀጸለ እንግሊዝ መጸ እዚ ኖኻል ሰልዱ
ውዲት ፍሒሱ ትራባ ኣጻዊዱ
ዓሌትን ሃይማኖትን ኣውራጃን ግዲፍልና ከይዱ

መጸ ሃይለስልስሴ
መሰልና ገሃሰ
ፍደልና ደምሰሰ
ፋብሪካታትና ኣፍረሰ
መንግስቱ መጸ ታንኪ ሶቤት ተወጢሑ
ወራር ኣብርእሲ ወራር ኣመራሪሑ
ንዝንባበ ሃደመ ታንክታቱ ራሕሪሑ
ሎምከ መርመም
እወ መስደመም
ብፍርሂ ትብል ራዕራዕ
ንሓንቲ ባኒ ምሉእ ለይቲ ትስራዕ
ብእምነትካ ኣይትሰብክ

ወሊድካ ኣይትልእክ
ዘዝ ወለድካዮ ንበረካ
ትዛረብ ኣብኣ ትዴካ
ትሓሚ ወይልካ
ተዓጹካ ሙት ተኾርሚካ
ድባሕ ድባሕ ድባሕ
ማይ ሓቖንካዶ ትጽበ ጠስሚ ርግኦ ብራሕ
መብጽዓና ካብተጠልመ
ናብራና ካብሓሰመ
ከመይልናሞ ክንዛነ
ኣሕ ድባሕ ወይኣነ
ሎሚ ጽባሕ እወግሕ ዶኮን
ንሕና ዘይተ ብገስናሉስ ብመን እሞ ብመን
ኣንታ ደላይ ለውጢ ዘይትፈትን
ህዝቢ ዶ ኢሉካ ኣይውደብን ኣይከትትን
ሰራዊት ዶ ኢሉካ ኣይምክትን
መዓንጣካ ዶኮን ኢላ ዝርግ ብትን
ደሓር ከይኮነና ጣዕሳ
ንኢሾክ ብኢሾክ ንንቀሳ
ምጉሊ ሒዙ ተቀልቂሉ ከሎ
ሰኣን ጥውቅ ዘብሎ
ሰብ ሲኢኑ ንውሽጢ እጠልቅ ኣሎ
ደሓር ከይከውን ወይ ኣነ
ጭዋዳታት በታቲኩ ሰብነት ምሰማሰነ

ተ/ገ/ስ